ዕለት 27.06.2015

# ኣገዳሲ ሓበሬታ

**ዛዕባ :** On-line Pettition.

ዝኸበርክን/ኩም : ኩሉ ግዱስ ሃገራዊ :

ሃገራዊ ሰላምታ ንዓኹም ይኹን : ኣብ ኩሉ ማሕበራዊ ሂወትኩም ሰናይ ኣሳልጦ ንምነየልኩም : ዝሓለፈ ቅንያት ኣብ ዝኸሪን ክብርን መዓልቲ ሓበን 20 ሰነ : ከምኡ'ውን ዕለት 22.06.2015 : ንሉዕላውነትና ኣብዝኾነ ይኹን ጽንኩር ኩነት ኣይነድፍርን ብምባል ኣብ ሓደ ሰሙን ዘይመልእ ልዕሊ 6 ሽሕ ዝግመት ህዝቢ : ንሓያል ጉዕዞ በዲሁ ኣብ ከተማ ጀኔቫ ዕዉት ሰልፊ ምክያድና : እቲ ኣብ ሃገራናን ህዝብናን ዘሎና ፍቕሪን ተብጃውነትን ዘመስክር'ዩ :

እዚ ይኹን ደኣእምበር : " ህውከትን ዕግርግርን ኣሳዊርካ : ብንረብሓኻ ዝውክል ኣገባብ ውጽኢት ፍትሓዮ " ብዝብል ኣምር : ዘይሕጋዊ ስግረ-ዶብ ኣሳቢብካ : ብሓሶትን ዓሎቕን ዝሓተለ ኣነዋርን ናይ ዜናን ፕሮፖጋንዳ-ኩባንያታት ኣገዲምካ : ዝነደዩን ቅሉዓት-ዝባን ድሕረ-መዳሕንቲ ዝኾኑ ዝቡያት ዓሲብካ : ንክቡር ባህልናን ታሪኽናን ኣደዊንካን ሓኺኽካን : ንክብርታትና ጉሒፍካ : እዛ ህያብ ሰዉኣትና ነጻ ሃገረ ኤርትራ : ዳግማይ መግዛእቲ ንምልሓቓ : ወይክኣ " failed State ውድቕቲ ሃገር " ተባሂላ ካብ'ዛ ዓለምና ክትርሳዕ : ጥጁእ ተንኮሎም ብመንገዲ መርማሪት ሰብኣዊመስል ኮሚሽን ክትግበር : ኣብ መጋበኢያ ዓለም ክሲ መስሪቶምልናስ ኣብ ሙግት ንርከብ ኣለና :

ካብ ዕለት 23.06.2015 ጀሚሩ ናይ UN ኣኼባ ኣብ ጀኔቫ ዝቃናዕ ዘሎ ዝመጽእ ሰሙን'ውን ክሳብ ዕለት 03.07.2015 ክቕጽል ምዃኑ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የብርህ : ብዘይካ'ቲ ብደረጃ ኣውሮጳ 18,000 ፐቲሽን ፈሪምና ብዕለት 22.06.2015 ኣብ ጀኔቫ ዘረከብናዮ : ካልእ ብቕጥታ ኣብ ቤ/ጽሕፈት UN ዝኣቱ ብእንተርኔት ዝካየድ On-line Pettiion ኣብ alenalki.com , dehai.org, info@raimoq.com ዝርከብ ፈሪምና ክንሰድድን ንሃገራውያን ኣዕሩኽትናን መሳርሕትናን መማህርትናን ብዝለዓለ ክንጉስጉስን : በዚ ኣጋጣሚ ሃገራዊ ለበዋና ነቕርብ :

መኸተና ! ዋሕስ ዓወትና !

ዘልኣለማዊ መጎስን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና :

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !

ሽ/መኸተ ጀርመን :